# ቃለ-መሓትት ምስ ተጋ/ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ
# ብመሓመድ ኢድሪስ ዓብደላ ኣብ ስርያ

## 2ይ መቐጸልታ

**ሕቶ፡-** ህዝባዊ ሓይልታት ይኹን ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ብ1972-74 ዝተኻየደ ውግእ ሕድሕድ ዝወልዐትን ናይ ምንጽጻግን ምቅንጻልን ፖሊሲታት ዘስረጸትን ጀብሃ'ያ፤ ከምኡ ውን ኣብ ኣምቦረብ ኣንጻር ሳበ ዝተኻየደ ውግእን{ ኣንጻር ሻዕብያ ትገብሮ ዝነበረት ምትዅታዅ ኣብ ሳሕልn ይጠቕሱ። እዚ ሓቂ ድዩ?

**መልሲ፡-** ሓላፍነት ናይ ውግእ ሕድሕድ ብምሉኡ ዝስከሙ፡ እቶም ምእንቲ ስልጣኖም ክብሉ፡ ነቶም ምእንቲ ናጽነት ክቃለሱ ዝወጹ ተጋደልቲ ናብ ተቓናቐንቲ ሚሊሻታት ዝቐየሩ ተፈንጨልቲ ጒጅለታት ናይ ሳበን ናይ ኢሳያስን ኢዮም። ንህዝቢ ንምኽሳብ ፖለቲካዊ ውድድራት ዘካይዱ ብዙሓት ዝተዓጥቁ ጒጅለታት ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ክህልዉ እንክለዉ፣ ኣብ መወዳእታ ናብ ምውጣጥን ምቅትታልን ክበጽሑ ናይ ግድን ኢዩ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘጋጠመ ከኣ እዚ'ዩ ነይሩ። ታሪኻዊ ሓላፍነት ናይ'ዚ ውግእ'ዚ ድማ፡ እታ ንኹሉ ብረት ኣብ ትሕቲ ሓደ ሃገራዊ ውድብን ሓደ መሪሕነትን ክትጥርንፍ ከይሰለየት ዝተቓለሰት ተሓኤ ዘይኮነትስ፣ እቶም ናይ ምፍንጫል መርሆ ዝኽተሉ ዝነበሩ ኢዮም ዝስከምዎ።

**ሕቶ፡-** ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ዕዮ ከመይ ኢሉ'ዩ ተመስሪቱ? ዝምድና ሰልፊ ዕዮን ተሓኤን ከመይ ነይሩ? መን'ዩ ዝመርሕ ነይሩ? ኵሎም ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ (መሪሕነት) ኣባላት'ቲ ሰልፊ'ዶ ነይሮም? ምስ'ቶም ኣብ ካልኦት ውድባት ዝነበሩ ሰልፍታት፡ ንኣብነት፡ ምስ'ቲ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ዝነበረ ናይ ኣልኣኽዋን ኣልሙስልሚን፣ ከምኡ ውን፡ ምስ'ቲ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝነበረ ህዝባዊ ሰውራዊ ሰልፊ'ኸ እንታይ ዝምድና ነይርዎ? ኣብ ሓደ ሃይማኖታዊ ዝኾነ ሕብረተ-ሰብ፡ ስለምንታይ ማርክሳዊ ኣይዲዮሎጂ ክኽተል መሪጹ?

**መልሲ፡-** ምውላድ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ዕዮ ንሓደ ኣገዳሲ ጒዳይ'ዩ ነይሩ። ነቲ ኣብ ተሓኤ ዝነበረ ውሽጣዊ ቃልሲ፡ ፍልስፍናውን ፖለቲካውን ትሕዝቶ ናብ ዘለዎ ዘመናዊ ፖለቲካ ንምስግጋሩን፤ ካብ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ቀቢላውን ኣውራጃው ምፍሕፋሓት ንምውጻእን ብዝብል ተስፋ ኢዩ ነይሩ። ንሰውራና፡ ካብ'ቲ ኣብ ካልኣዊ ግርጭታት ናይ ሕብረተ-ሰብና ዕንክሊል ምባል ኣውጺእካ፡ ኣብ'ቲ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝካየድ ቀዳማይ ግርጭት ከምዘጽመድ ወይ ከምዘተኵር ንምግባር'ዩ ነይሩ። ግደ ናይ'ቲ ፓርቲ ከኣ፡ ንጀብሃ ስነ-ሓሳባውን ፖለቲካውን ኣመራርሓ ኣብ ምብርካት ጥራሕ'ዩ ተሓጺሩ ነይሩ። እቲ ዕለታዊ ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ግን፡ ናይ'ቲ ኣብ ጉባኤታት ተሓኤ ዝምረጽ ሰውራዊ ባይቶ ስልጣን'ዩ ነይሩ። ኵሎም ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ኣባላት'ቲ ሰልፊ ክኾኑ ድማ ግድነት ኣይኮነን፤ መብዛሕትኦም ግን፡ ኣባላት ሰልፊ ኢዮም ነይሮም። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ድማ፡ ህዝባዊ ሰውራዊ ሰልፊ ዝብሃል ፓርቲ ነይሩ።

ብዛዕባ ርክብ ምስ ካልኦት ፓርትታት ብዝምልከት ከኣ፡ ነቲ ክልተ ውድባት ንምስማር ይሕግዝ ይኸውን'ዩ ብዝብል ተስፋ፡ ኣብ ሓደ ውሱን ግዜ ናይ ልዝብ መስኖታት ንምኽፋት

ፈተነታት ተገይሩ ነይሩ፣ ግን ኣይተዓወተን። ካልኦት ፓርትታት፡ ናይ እስላም ፓርቲ ይኹን ናይ በዓስ፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣይነበራን። ከም ስዉእ መሓመድ እስማዒል ዓብዱ (ኣባል ሰውራዊ ባይቶ)፡ ሸኽ ኢብራሂም ዓማር፡ ዓብደልከሪም ጅምዕ ...ወዘተ ዝኣመሰሉ፡ ሓድሓደ ፍሉጣት ሃይማኖታውያን ባእታታት ኢዮም ነይሮም። እዚኣቶም ከኣ፡ ንጹሃትን እሙናትን ተቓለስቲ ተሓኤ ኢዮም ነይሮም። እቶም ናይ እስላም ጅሃዳውያን ምንቅስቓሳት፡ ድሕሪ ጀብሃ ካብ ሜዳ ኤርትራ ምውጽኣ ዝተፈጥረ ሃጓፍ ኢዮም ተፈጢሮም።

ቀንዲ ዕላማ ናይ ሰልፊ ዕዮ፡ ንሰውራና ካብ'ቲ ናይ ካልኣዊ ግርጭታት ኣውጺእካ ኣንጻር እቲ ቀዳማይ ግርጭት ዝኾነ ባዕዳዊ መግዛእቲ ከምዘቕንዕ ንምግባሩ'ዩ ነይሩ። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዕላማ ከኣ፡ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓራ ምውጻእ ደኣ'ምበር፣ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኰንካ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ኣይነበረን። ስለዝኾነ ከኣ፡ ሰልፊ ዕዮ ፍልይ ዝበለ መደብ ዕዮ ወይ ዕላማ፡ ማርክሳዊ ይኹን ካልእ ክህልዎ ኣድላዪነት ኣይነበሮን። ናይ'ቲ ሰልፊ መደብ ዕዮ፡ እቲ ተሓኤ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ሃገራዊ ጕባኤታታ ዘጽደቐቶ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ መደብ ዕዮ ኢዩ ነይሩ።

**ሕቶ፡-** ነቲ ምእንቲ ሓድነት ዝካየድ ዝነበረ ልዝባት ብፍላይ ከኣ ናይ 20 ጥቅምቲ 1977 ስምምዕ ጀብሃ'ያ ኣፍሺላቶ ዝብል ኣበሃህላ'ኸ?

**መልሲ፡-** እዚ ሓቂ ኣይኮነን። ጀብሃ ንፍሽለት ናይ ጕዳይ ሓደነት ብፍላይ ከኣ ናይ 20 ጥቅምቲ 1977 ስምምዕ ጠንቂ ኣይነበረትን። ምኽንያቱ ከኣ፡ ናይ ጥቅምቲ ስምምዕ ብመሰረቱ ኣብ'ቲ ሓደ ውድብ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ምምስራት ዝብል ርእይቶ ናይ ተሓኤ ዝተመርኰሰ'ዩ ነይሩ። ስለ'ዚ ተሓኤ ከመይ ገይራ'ያ ንናይ ገዛእ ርእሳ መደብ ከተፍሽል እትኽእል? ናይ ጥቅምቲ ስምምዕ ዝፈሸለ፡ ኢሳያስ ምስ ወያነ ተመሓዝዩ ብዝወልዶ ውግእ ኢዩ።

**ሕቶ፡-** ናይ ምንጽጻግ ናይ ምዕብላልን መንፈሳት እንተዘይነብር ነይሩ፡ ብ1977-78 መብዛሕትኡ ከተማታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሰውራ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኤርትራ ናጻ ክትከውን ይከኣል ነይሩ።

**መልሲ፡-** ልክዕ'ዩ፡ ድሕሪ መላእ ገጠራት ኤርትራን መብዛሕትኡ ከተማታትን ሓራ ምውጻኡ ምናልባት ናጽነት ናይ ኤርትራ ክረጋገጽ ይኽእል ነይሩ ይኸውን'ዩ። ናጽነትና ንምጕንጻፍ ዘደንጐየና ቀንዲ ምኽንያት ግን፡ ሃገራዊ ሓድነት ዘይምርግጋጹ ደኣ'ምበር፡ ካልእ ኣይኮነን።

**ሕቶ፡-** ኣብ ውሽጢ ጀብሃ ዝነበረ ግርጭታት ብሓይሊ ናይ ብረት'ዩ ዝፍታሕ ነይሩ። ንኣብነት ናይ በዓል ስዒድ ሑሴን ጕጅለን ናይ ፋሉል (ጕጅለ ሕሩይ) ምንቅስቓስን ምጥቃስ ይከኣል።

**መልሲ፡-** እዚ ሓቂ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ከኣ፡ እቲ ተሓኤ ኣንጻር'ዞም ክልተ፡ ንናይ ብዙሓት ድምጺ ነጺጎም፡ ካብ ስርዓት ናይ ተሓኤ ወጺኦም፡ ንድሌታቶም ብሓይሊ ብረት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ተበግሶ ዝወሰዱ ዕጡቓት ጕጅለታት እዚኣቶም፣ ዝወሰደቶ ስጕምቲ ኣብ ክሊ ነብሰ-ምክልኻል ዝተደረተ'ዩ ነይሩ። ንኣብነት ኣባላት ፋሉል እንተደኣ ወሲድና፡ ኣካል'ቲ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝወሰዱን ኣጠቓቕማ ብረት ዝፈልጡን ኣባላት ሰራዊት ሓርነት ኢዮም ነይሮም። ከም'ቲ ኣብ ዝኾነ ይኹን ውድብ ወይ ሰራዊት ዘጋጥም ከኣ፡ ካብ ጀብሃ

ኣዲሞም። ነዚ ዅነታት'ዚ፡ ፖለቲካዊ ፍታሕ ንምርካብ ን2 ዓመታት ዝኣክል ግዜ እተገብረ ጻዕርታት ድማ ኣይሰመረን።

ብዛዕባ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ዝነበረ ተጋ/ስዒድ ሑሴን ብዝምልከት ከኣ፡ ናብ'ታ መወዳድርቲ ተሓኤ ዝነበረት ናይ ዑስማን ሳበ ጕጅለ ብምኻድ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምርጫ ዝወሰደ ንሱ ባዕሉ'ዩ። ብእኡ ኣቢሉ፡ ናብ የመን፡ ካብ የመን ድማ፡ ብረትን ገንዘብን ሒዙ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ቅድመ ምርድዳእን ምውህሃድን፡ ጀብሃ ኣብ እትቈጻጸሮ ቦታታት ኣብ ደንካልያ ብሓይሉ ክኣቱ ፈቲኑ። እቲ እተረኽበ ከኣ ኣጋጢሙ። ስለ'ዚ፡ ናይ ዝወሰዶ ምርጫን ተግባራትን ሓላፍነት ዝስከም ከኣ ባዕሉ ኢዩ። ፍልልያት እንተደኣ ኣጋጢሙ፡ ዓመጽ ወይ ሓይሊ ብምጥቃም ዘይኰነስ፡ ኣብ ክል'ቲ ብጕባኤታት ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ መሪሕነት፡ ወይ ኣብ ናይ ጨናፍር ጕባኤታት ወይ ብሰሚናራት፡ ብሰላማውን ፖለቲካውን ኣገባብ ክፍታሕ ይኽእል ኢዩ። ስዒድ ሑሴን ግን፡ ቅድሚ ናብ ዑስማን ሳበ ምጽንባሩ፡ ዝኾነ ይኹን ክፍታሕ ኣለዎ ኢሉ ዘቕረቦ ጕዳይ ይኹን ጠለብ ኣይነበሮን።

**ሕቶ፡-** መሪሕነት ተሓኤ (ሰውራዊ ባይቶ)፡ ኣብ ዘይሃገራዊ ምሕዝነታት ዝተሰረተ ውሽጣዊ ቍርቍሳት'ዩ ዝነብር ነይሩ፤ እዚ ከኣ'ዩ ንጀብሃ ኣብ ቅልውላው ዝሸመማን ሃገራዊ ግዲኣ ክትጻወት ዘየኽኣላን ዝብል ኣበሃህላ ናይ ህዝባዊ ሓይልታትን ናይ ህግደፋውያን ኣሎ።

**መልሲ፡-** ኣብ ሓደ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ፡ ፍልልያት ኣብ ርእይቶ፡ ካብኡ ሓሊፉ ውን ፖለቲካዊ ቍርቍሳት ከጋጥም ባህርያዊ ኢዩ። እዚ ከኣ መርኣያ ጥዕና ናይ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኢዩ። እተረፍዶ ኣብ ሓደ ብዙሕ ፖለቲካውን ኣይዲዮሎጂካውን ዝንባሌታት ዝሓቘፈ ሰፊሕ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ ኣይዲዮሎጂካዊ ይኹን ወይ ካልእ ኣካል ውን ዘጋጥም ንቡር ነገር ኢዩ። ዋላ ኣብ'ተን ከም ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝኣመስሉ ፋሽሽታውያን ዝመርሕወን ፓርትታትን ማሕበራትን ከይተረፈ ፍልልያት ኣሎ ኢዩ። እንተኾነ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ውሽጢ'ቲ ውድብ ዝካየድ ጭቆናን ስውር ቅንጸላትትን፡ እቲ ፍልልያት፡ ኣብ ቃልዕ ኣይወጽእን ኢዩ።

**ሕቶ፡-** እቲ ኣብ ግዜ ፈደራላዊ ምምሕዳር ዝነበረ ቃልስታት'ዩ፡ ከም ቡሶላ ኰይኑ፡ ነቲ ኣብ ሰውራና ዝተጋህደ ግርጭታት ዝመርሐ። ምርጫ ናይ'ቶም ክርስትያን ብፍቶቶም ምስ ኢትዮጵያ ምጽንባር ኢዩ ነይሩ። እስላም ከኣ፡ ኣይተኻፈሉን ወይ ኣካሎም ኣይነበሩን። (መርገጽ ናይ መራሕቲ እስልምና-ሽማግለ)።

**መልሲ፡-** ህዝቢ ክርስትያን ብምሉኡ ምጽንባር ምስ ኢትዮጵያ ይድግፍ ከምዝነብረ ዘረጋግጽ ጭብጢ የለን። ምኽንያቱ ከኣ፡ ሓቀኛ ድሌት ናይ ህዝቢ ንምፍላጥ ዝተገብረ ሪፈረንደም ስለዘይነበረ። እቲ ምስ ኢትዮጵያ ምጽንባር ዝድግፍ ዝነበረ ሰልፊ ኣንድነት ዝተባህለ ፖለቲካዊ ፓርቲ'ዩ ነይሩ። መሪሕነት ናይ'ዚ ሰልፊ'ዚ ክርስትያን ኰይኖም ብእስላም መራሕቲ ሃይማኖትን መራሕቲ ቀቢላታትን ይድገፉ ነይሮም ኢዮም። ስዒቡ ዝመጸ መድረኻት ከኣ፡ ድሌት ናይ ዝበዝሑ ክርስትያን ንናጽነት ኤርትራ ዝድግፍ ምዃኑ መስኪርዎ ኢዩ። እቲ ናይ ፈደራላዊ ምምሕዳር መድረኽ፡ ድሕረ ባይታ ናይ'ቲ ስዒቡ ዝመጸ መድረኻት ኰይኑ ኢዩ።

**ሕቶ፡-** ዝምድና ተሓኤ ምስ ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ (ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ኢ.ዲ.ዩ፡ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ)? ምስ ሃገራት ኣዕራብ ዝነበርኩም ዝምድና'ኸ?

**መልሲ፥-** ተሓኤ፡ ብመሰል ጭቁናት ብሄራት ኢትዮጵያ ኣብ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤኣ (1971) ዝኣመነት ቀዳመይቲ ውድብ ኢያ ነይራ። ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ናይ ቃልሲ ዝምድና ንምፍጣር ዝዓደመት ውን ጀብሃ ኢያ። ካብ'ዚ ተበጊሱ ምስ ብዙሓት ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ዝምድና ተፈጢሩ። ብፍላይ፡ ምስ'ቲ ካብ ብረታዊ ተጋድሎ ኤርትራ ብዙሕ ዝተጠቕመ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፣ ምስ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ፣ ምስ ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰውራዊ ፓርቲ (EPRP) ዝምድና ነይርዋ። ምስ ሃገራት ዓረብ ዝነበረና ዝምድና፡ ነፍስወከፍ ሃገር ኣብ ጉዳይ ኤርትራ እንታይ መርገጽ ኣለዋ ኣብ ዝብል ነጥቢ ዝተሰረተ'ዩ ነይሩ። ስለ'ዚ፡ ምስ ገለ ሃገራት ኣዕራብ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ፍሉይ ዝምድና ነይሩና ክበሃል ይከኣል። ኣብ ኣይዲዮሎጂ ዝተሰረተ ዝምድና ይኹን ወይ ድማ ምሕዝነት ምስ ውሱናት ሃገራት ኣንጻር ካልኦት ግን ኣይነበረናን።

**ሕቶ፥-** ኣብ መወዳእታ 70ታት መሪሕነት ተሓኤ ናብ'ታ ናይ ቀደም ሶቭየት ሕብረት ዝነበረት ሃገር ዑደት ኣካይዱ ነይሩ። ዕላማን ባህርን ውጽኢትን ናይ'ዚ ዑደት'ዚ እንታይ ነይሩ? ጸግዒ ዝኾነኩም ኣህጉራዊ ሓይሊ ዲኹም ትደልዩ ኔርኩም? እዚ ኣብ ውድቀት ናይ ጀብሃ ግደ ነይርዎ'ዶ? ናይ ተሓኤ ልኡኽ ኣብ'ቲ ኣብ ሊባኖስ ንዝኸሪ ናይ ስውእ ከማል ጁምቡላጥ ኣብ ዝተገብረ ጽንብል ዝገለጸ መርገጽ ከመይ ትርእዮ?

**መልሲ፥-** ናብ ሶቭየት ሕብረት ዝተገብረ ዑደት ብመሪሕነት ኣሕመድ ሙሓመድ ናስር ኢዩ ነይሩ። ዕላማኡ ከኣ፡ ነቲ ሶቭየታውያን ንጉዳይና ብሰላማዊ ኣገባብ ንምፍታሕ ዝገብርዎ ዝነበሩ ፈተነታት ንምጽናዕን ንምፍታሽን'ዩ ነይሩ።

ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዝኽሪ ናይ ካማል ጁምቡላጥ በቲ ልኡኽ ናይ ተሓኤ ዝተዋህበ መግለጺ፡ መርገጽ ውድብ ዘንጸባርቕ ዘይኰነስ፣ ናይ'ቲ ልኡኽ ርእይቶ'ዩ ነይሩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ኣብ ኣኺባታት ናይ ሰውርዊ ባይቶን ኣኼባታት ናይ ሰልፊ ዕዮን ተነቒፉ ኢዩ።

**ሕቶ፥-** ተሓኤ ንዓረባውነት ናይ ኤርትራ'ያ ትሰርሕ ነይራ። ተሓኤ ወኪል ናይ እስላም'ያ።

**መልሲ፥-** ተሓኤ ሓደ ፕሮግራም ጥራሕ'ዩ ነይርዋ። ንሱ ከኣ፡ ንኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ኣውጺእካ፡ ህዝባዊት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ምህናጽ ኢዩ ነይሩ። ከምኡ ውን፡ ናይ ሓደ ውሱን ሃይማኖት ወካሊት ኣይነበረትን። እቲ ጸጋማዊ ላዛ ዝነበሮ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ፕሮግራማን፤ እስላምን ክርስትያን ብማዕረ ዝሳተፉላ ውድብ ምንባራን ከኣ ጭቡጥ ምስክርነት ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ፡ ጀብሃ ብሓደ ሸነኽ ኮሚኒስታዊት፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ሃይማኖታዊት ተባሂላ ክትክሰስ ዘይቅቡልን ተገራጫውን ነገር ኢዩ። ኣብ ሓደ ግዜ ክልቲኡ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢያ።

**ሕቶ፥-** ጀብሃ፡ ደርጊ ገስጋሲ'ዩ ካብ ዝብል ገምጋም፡ ምስ ደርጊ ምስጢራዊ ርኽክባት ትገብር ነይራ፤ ብኣጀንዳ ናይ ሶቭየት ሕብረት ትምራሕ ነይራ፣ ንሃገራዊ ናጽነት ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ናይ ምእታው ዝንባሌ ነይርዋ ዝብል ክስታት ናይ ስርዓት ኣስመራ ከመይ ትርእዮ?

**መልሲ፥-** ኣብ መንጎ ተሓኤን ደርግን ብዘይካ'ቲ ኣብ ሮማ ሓንሳብ ዝተኻየደ'ሞ ዝፈሸለ ርክብ፡ ካልእ ዝኾነ ይኹን ቅሉዕ ይኹን ምስጡር ዝተገብረ ርክብ የለን። እቲ ምኽንያት ከኣ ደርጊ፡ ጀብሃ፡ ምስ'ቶም ንገስጋሲ ስርዓት ኢትዮጵያ ንምፍሻል ዝሰርሑ ሃገራት ምትእስሳር

ዘለዋ እስላማዊት ኣድሓርሓሪት ውድብ’ያ ካብ ዝብል እምነቱ ተበጊሱ፡ ነቶም መንግኖኛታት ንጀብሃ ክፈልጠላ ድልዊ ከምዘይኰነ ይገልጸሎም ነይሩ ኢዩ። እቲ ሓቀኛ ምኽንያት ግን፡ ጀብሃ፡ ከም’ቲ ሻዕብያ ዝገበረቶ፡ ንበይና ዘተ ምስ ደርግ ምኽያድ ትጻረሮ ስለዝነበረት ኢያ። ህዝባዊ ግንባር ግን፡ ብናይ ሽዑ ምኽትል ዋና ጽሓፊኣ ዝነበረ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝመርሖ ልኡኽ ዝምራሕ ልኡኽ፡ ብ1978 ኣብ በርሊን፡ ርእሰ-ከተማ ናይ ሽዑ ምብራቕ ጀርመን ምስ ስርዓት ደርግ ምስጢራዊ ዘተ ኣካይዱ ኢዩ። ካብ’ቲ ምስጢራዊ ርክባት ዝሰልኩ ዝነበሩ ሓበሬታታት ከኣ፡ ሻዕብያ፡ ንኢትዮጵያ ወደብ ዓሰብ ክትገድፈሉ፣ ደርጊ (መንግስቱ) ከኣ፡ ንህዝባዊ ግንባር ክፈልጠላ ዝብል ኢዩ ነይሩ።

መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር እንታይ ይገብሩ ከምዝለዉ ኣዐርዮም ይፈልጡ ስለዝነበሩ ከኣ ኢዮም፣ ጀብሃ፡ ንሃገራዊ ናጽነት ናብ ዋጋ ዕዳጋ ተእቱ ኣላ ዝብል ክሲ ብምስንዛር፡ ነቲ ዘሕንኽ መርገጻቶም ክሽፍኑ ዝፍትኑ ዝነበሩ። እዚ መርገጽ’ዚ ከኣ፡ ከም’ቲ ልማዶም ምስጡር ስለዝነበረ፡ መሰረታት ሻዕብያ ይኹን ገለገለ መራሕቲ ሻዕብያ ውን ከይተረፉ፡ ዝፈልጥዎ ኣይነበረን።

**ሕቶ፡-** ዝምድና ተሓኤ ምስ ሱዳናውያን ፓርትታት (ርእሰ-ዴሳዊ ፓርቲ፡ ሰልፊ ዲሞክራስያዊ ሓድነት(እትሓድ ዲሞቅራጢ)፡ ኡማ፡ እስላማዊ ግንባር)

**መልሲ፡-** ተሓኤ፡ ምስ ዝኾነት ትኹን ሱዳናዊት ፓርቲ፡ ፖለቲካዊ ይኹን ኣይድዮሎጂካዊ ሕብሩ ብዘየገድስ ፍሉይ ዝምድና ኣይነበራን።

**ሕቶ፡-** ጀብሃ ተሳዒራ ድያ? ነቲ ብምሕዝነት ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነን ኣንጻራ ዝተኸፍተ መጥቃዕቲ ስለምንታይ ክትምክቶ ዘይበቅዐት? ንዓብደላ ኢድሪስ፡ ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት፣ ንኣሕመድ ናስር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ፡ ካብ ስልጣን ኣርሒቓቶም ነይራ ዝብል ሕሜታ’ኸ ሓቅነት’ዶ ኣለዎ ኢዩ?

መልሲ፡- ጀብሃ፡ ብርግጽ፡ ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ተሳዒራ ኢያ። መሪሕነት ተሓኤ ከኣ፡ ኣብ ዝኾነ ውግእ ከምዝግበር ክትከላኸል ፈቲና ኢያ፣ ግን ፈሺላ። ኣብ ውግእ ኩሉ ግዜ ስዓራይን ተሳዓራይን ኣሎ። ንኣሕመድ ናስርን ዓብደላ ኢድሪስን ካብ ስልጣን ኣርሒቕኩምዎም ዝብል ኣበሃህላ ግን ሓቂ ኣይኰነን። እቲ ከለዓል ዘለዎ ሕቶ ግን፡ መን’ዩ ከምኡ እናበለ ዘውሪ ዘሎን ዝነበረን ዝብል ኢዩ። ንምርሓቐም ዝምልከት፡ በቲ ንፈጻሚት ሽማግለ ናይ ምምራጽ ስልጣን ዘለዎ ሰውራዊ ባይቶ ዝወጸ ኣዋጅ ኣሎ ድዩ? ወይስ እቶም ዝተባረሩ ኢዮም ኣርሒቐምና ዝብሉ ዘለዉ? ወይ ብሕጋዊ ይኹን ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ተባሪርና ወይ ኣርሒቐምና ዝብል ዘውጽእዎ ኣዋጅ ኣሎ’ዶ?

ከም’ዚ ዝብል ዝወጸ ኣዋጅ ዘሎ ኣይመስለንን። እቲ ሓቂ ግን፡ እቲ ውግእ ብመስከረም 1980 ኣብ ዝተባርዓሉ እዋን፡ ኣሕመድ ናስርን (ኣቦ መንበር) ዓብደላ ኢድሪስን (ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት) ኣብ ኣኼባ ፈጻሚት ሽማግለ ብመሰረት መንግስቲ ግብጺ ዘቕረበሎም ዕድመ፡ ብጽሖት ክገብሩ ክፍቀደሎም ብዘቕረብዎ ጠለብ መሰረት ኢዮም ከይዶም። ዑደቶም ድሕሪ ምፍጻም ከኣ፡ ናብ ሜዳ ክምልሱ ይግባእ ነይሩ። ግን ኣይተመለሱን። ካብ መስከረም 1980 ክሳብ መጋቢት 1981 ዝነበረ 7 ኣዋርሕ፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ብሩህ ምኽንያት ኣብ ግዳም ኢዮም ነይሮም። እቲ ብዓብደላ ኢድሪስ ብፍላይ እተዘርግሐ መናፍሕ፡ ካብ’ቲ ዘጋጠመ ወተሃደራዊ ስዕረት ንምህዳምን፤ ነቲ ከም ሓላፊ ወተሃራዊ ቤት ጽሕፈት ብቐዳምነት

ዝምልከቶ ጕዳይ ንካልኦት ሓላፍነት ከሰክም ስለዝደለየን፤ ውጽኢት ናይ’ቲ ውግእ መዝሚዙ፡ ኣንጻር ናይ ፖለቲካ መወዳድርተይ ዝብሎም ከውዕሎ ስለዝደለየ ኢዩ ነይሩ።

ዓብደላ በሃብረ ዝተባህለ ስዑዳዊ ናይ ስለላ መኰንን፡ ሓላፊ ክፍሊ ኤርትራዊ ጕዳያት ዝኾነ፡ ነቲ ኣብ ተሓኤ ኣሎ ዝብሎ ናይ ኮሚኒስታውያንን ክርስትይናውያንን ምሕዝነት ናይ ምድኻም ዕማም’ ተሰኪሙ ይዋሳእ ምንባሩ ምዝካር ውን ኣገዳስ ኢዩ።

**ይቕጽል ….**